ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ንዝተፈላለዩ ግልጋሎት ዝዉዕል ኣቅሑት ብጨረታ አወዳዲሩ ከስርሕን ክዕድግን ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥቅምቲ 14, 2018 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 28, 2018 8:45 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 29, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መፅሓፍቲን ትምህርታዊ መሳርሕታት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

ከስረሑምን ክዕድጎምን ዝደለዩ ንብረታት ናይ ስእልታትን ካርታትን ንድፊ መፅሓፍ ካብ ቀዳማይ ክሳብ 10 ክፍሊ: ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቅሑት: ናይ ፉሉይ ድሌት ኣቅሑት ይከዉን

1ንሕድሕድ ዓይነት ጨረታ ናይ 2017 ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ ዘቅርብ

2 ናይ መቅረባይነት ሰርተፈኬት ማለት እዉን ምስክር ወረቀት ዘለዎም

3 መለለይ ቁፅሪ ከፋለይነት ግብሪ ማለት እዉን ቲን ናምበር ዘለዎም

4 ቫት ተመዝጋቢ ምከኑ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

5 ናይ ወርሒ ነሐሰ 2017 ዓም ቫተ ድክለሬሽን መረዳአታ ዘቅርብ

6 ጨረታ ሰነድ ዝሸየጠሉ ቦታ ኣብ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ዳይሬክቶሪት ዕድጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረት ምምሕዳር ቢሮ ቁፅሪ 12 እንትከዉን ዋጋ መሸጣ ንሕድሕድ ዘይመለስ 200 ቅርሺ ብምክፋል ምዉሳድ ይከኣል

7 ጨረታ ሰነድ ዝሸወጠሉ እዋን እዚ ጨረታ ምልክታ ብዶት ሬድዩን ቴሌብዥን ካብ ዝተጋወሐሉ 14/2/2018 እዋን ክሳብ 28/2/2018 ዓም ሰዓት 8:30 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ስራሕ ሰዓት ይከዉን

8 ተጫረቲ ጨረታ ሰነድ ካብ ዝዓደግሉ ዕለት ጀሚሩ መወዳደሪ ጨረታ ሰነዶም ክሳብ ዕለት 28/2/2018 ዓም ሰዓት 845 ኣብ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትገራይ ዳይሬክቶሪት ዕድጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረት ቢሮ ቁፅሪ 12 ኣብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳነዱቅ ምእታዉ ይክእሉ

9ጨረታ ሳንዱቅ 28/2/2018 ዓም ሰዓት 8:45 ተዓሺጉ በቲ ዕለት ሰዓት 9:00 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም አብ ዝተረክበሉ ኣብ ቢሮ ትምህርቲ መአከቢ ኣዳራሽ ይክፈት

10 መክበሪ ጨረታ ንሕድሕድ 15000 ቅርሺ ብስፒኦ ከትሕዝ ይግባእ

11 ተጫረቲ ሰዓራይ ምኮኑ ብደብዳቤ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጠ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ዉዕሊ ይኣስር

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ዝኮነ ተጫራታይ ብዛዕባ እቲ ሰነድ ጨረታን ካሊእ መብራርሂን ዘድልዩ እንተኮይኑ ብፅሑፍ ጥራሕ ምሕታት ይከአል

13 ጨረታ ሰዓራይ ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ናይ ፍሉ ድሌትን ኣቅሑትን ኣብ ዉሽጢ 30 ተከታታሊ መዓል ናብ ቢሮ ትምህርቲ ንብረት ክፍሊ ኣታዊ ይገብር ናይ ስእልታትን ካርታትን ንድፊ መፅሓፍ ካብ 1ይ ክሳብ 10ይ ክፍሊ ድማ ዉዕሊ ካብ ዝአሰርሉ ዐለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 40 መዓልቲ ተከታታሊ መዓልቲታት ሰሩሑ ከረክብ ይግባእ

14 ዝኮነ ተጫራታይ እቲ ቤት ዕዩ ብዝዳለወ ስፐስፊኬሽን መዓቀኒ ዝዉስክ ወይ ዝንኪ ወይድማ ስርዝ ድልዝ ዝገበር ካብ ዉድድር ወፃኢ ዝገብር ምካኑ ክፈልጥ አለዎ

15 እቲ ቢሮ ዝሐሸ አማራፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምሰራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

16 አቀራርባ ጨረታ ሰነድ ዝምልክተ ናይ ስእልታትን ካርታትን ንድፊ ካብ 1ይ ክሳብ 10ይ ክፍሊን ከምእዉን ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቅሑት ፋይናንሻልን ቴክነካልን ብምድላዉ ነናይ ባዕሉ ዋናን ቅዳሕን ብምዕሻግ ከቅርቡ ይግባእ

17 ብተወሳኪ ናይ ፍሉይ ድሌት ኣቅሑት ድማ ፋይናንሻል ብምድላዉ ኦርጅናልን ኮፒን ነንበይኑ ብምዕሻግ ከቅርቡ ይግባእ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0344403477 034440299

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle